Coptic Orthodox Patriarchate
**His Holiness Pope Tawadros II**
Pope of Alexandria and
Patriarch of the See of St. Mark
**The Papal Center**

بطريركية الأقباط الأرثوذكس
**قداسة البابا الأنبا تواضروس الثاني**
بابا الأسكندرية
وبطريرك الكرازة المرقسية
**المقر البابوي**

222 Ramses St., Abbaseya, Cairo, Egypt
222 شارع رمسيس ، العباسية ، القاهرة ، مصر

Tel: 024822580 Fax: 0235365880 email: office@popetawadros.org 0235365880 :فاكس 024822580 :تليفون

*Tigrinya - 2020*

## ቃለ ቡራኬ ፓትርያርክ በእንተ በዓለ ልደት

**በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሐዱ አምላክ፣ ኣሜን!**

ንዘፍቅረኩም፡ እንቋዕ ኣብ'ዚ ጎርጎርዮሳዊ ሓድሽ ዓመት 2020 ዓ.እ. ኣብጽሓኩም። ከምኡ'ውን፡ እንቋዕ ናብ ክብሩ በዓለ-ልደት ጐይታና፣ ኣብ'ቲ፡ ልደት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እንቕበለሉ፡ ንድኅነት ደቂ ሰባት ክብል እተሠገወሉ ኣብጽሓኩም። ንኹሉኹም ኣብ ኵለን ሃገረ ስብከታት ዘሎኹምን፡ ኣብ መላእ ዓለም ንዘለዋ ቅብጣውያን ኣብያተ ክርስቲያን፡ እንቋዕ ኣብጽሓኩም እብል። ንኹሉኻትኩም ሊቃነ ጳጳሳትን ጳጳሳትን፡ ንኹልኻትኩም ካህናት፡ ዲያቆናት፡ ምእመናን ምእመናትን ብሓፈሻ ንኹላትኩም ቅብጣውያን ሕዝቢ እንቋዕ ኣብጽሓኩም። ከምኡ'ውን፡ ንኹሎም ወራዙት፡ ሕፃናት፡ ዓበይትን ኣረገውትን ንኹልኹም ርሑስ ሓዲሽ ዓመት እብል።

ብመሠረት ጎርጎርዮሳዊ ቅመራ ዓውደ ኣዋርኅ፡ ንኽቡር በዓለ ልደት ዓመታዊ ኢና እነኽብሮ። ከምኡ ኸኣ፡ ብዙኃት ዛንታታት ንዝክር። ካብ ዓውደ ፍጻመ ልደት፡ እቶም ሠለስተ ሰብኣ ሰገል ካብ ምብራቕ ብዝመጹ፡ ሠለስተ ህያባት ሃቡ። እዞም ሠለስተ ህያባት እዚኣቶም ሕይወት ሰብ ይውክሉ። ሕይወቱ፡ ወርቂ፡ ከርበ፡ ዕጣን እዮም። ኣብ ልደት ጐይታን ፍጻመኡን ግና፡ ኣምላኽ ሠለስተ ህያባት ወፈየልና። ኣምላኽ ኣብ ክቡር ፍጻመ ልደት እንርእዮ ብዙኃት ህያባት ሃበና። እዞም ህያባት እዚኣቶም፡ ኣምላኽ ንዘርኢ ደቂ ሰባት ዝሃቦ እዮም። እዚ ከኣ፡ ንሰብኣውነት ወዲ ሰብ ምእንቲ ናብ ክብረ-ቕደሙ ክመልሶ እዩ። እቲ ምስ ሰብ ዝተኣሳሰር ሰብኣውነት ኣዝዩ ክቡር እዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ልደት፡ ጸኒሐ ዝገልጾም ሠለስተ ዛዕባታት ኣለዉ።

እቲ ቐዳማይ፡ ሰብኣውነት ደቂ ሰባት ብፍቕሪ እንተ ደኣ ነቢሮም'ዩ ዝብጻሕ። ሰብ ነዚ ፍቕሪ እንተ ደኣ ነቢርዎን ተለማሚድዎን፡ ሰብኣውነት ንኽረክብ መንገዲ ይኸውን። ሓደ እነፍቅሮ ፍጻመ ከዘኻኽረኩም ደስ ይብለኒ። እቲ ፍጻመ፡ ብለይቲ ኣብ በረኻ ዝነብሩን መጓሰኦም ኣብ ሕርሻ ዝጓስዩን እዩ። ኣዝዩ ቀሊልን ትሑት ናብራን'ዮም ዝነብሩ ነይሮም። ዛጊት ብፍቕሪ እዮም ዝነብሩ ነይሮም። ፍቕሪ መጓሰን ፍቕሪ ወዲ ሰብን። ኣምላኽ ከኣ፡ ንብስራተ ልደት ቐዳሞት ኰይኖም ንኽቕበሉ፡ ኣመኖም። እቶም መላእኽቲ ከኣ ከምዚ ብምባል ኣበሰርዎም፤ "እንሆ ንኹሉ ሕዝቢ ዝኸውን ዓቢይ ሓጐስ አበስረኩም ኣለኹ፡" (ሉቃ.2፡10) እዞም ጓሶት እዚኣቶ ንፍቕሪ ነበርዋን፡ ከም ህያብ ኣቕረብዋን። መልእኽቲ እቲ መልኣኽ ብዝሰምዑ፡ ናብቲ መብልዒ ማል ናብ ቤተልሔም ኣምርሑ። ነቲ ሕፃን ኣብ መብልዒ ማል ብዝረኣይዎ፡ ኣዝዮም ተሓጐሱ። በዚ ምብጻሕ እዚ ከኣ፡ ዓቢይ ፍቕሮም ገለጹ። እዚ ንዓና፡ ትምህርቲ ምግላጽ ፍቕሪ እዩ። ሰብ ነዚ ፍቕሪ እዚ ወትሩ ክነብሮ ኣለዎ።

እቲ ካልኣይ ህያብ ኣብ ምብጻሕ ሰብአ ሰገል ይርአ። ሰብአ ሰገል ካብ ርሑቕ ምብራቕ ዝመጹ ኣጋይሽ እዮም ነይሮም። ብሥነ ከዋኽብቲውን ሊቃውንቲ እዮም ነይሮም። ነቲ ፍሉይ ኮከብ ብዝረኣዩ ከኣ፡ ምልክት ምውላድ ኣምላኽ ሓቂ ምዃኑ ተገንዘቡ። ገባርያነ-ሠናያት እዮም ነይሮም። እቶም ዕቱባት ሰብአ ሰገል፡ ሰብ ዓቢይ ቆራጽነት፡ ቦታ ልደት ክርስቶስ፡ ብመሪሕነት ኮከብ ረኺብዎ። ግሩም ነገራት ከኣ ሃቡ። ካብ ርሑቅ ምብራቕ መጺኦም፡ ንንጉሥ ኣብ መብልዒ ማል ረኺብዎን ውህብትኦም ከኣ ሃቡ። ግሩም ነገራት ክገብሩን ገባርያነ-ሠናያት ክኾኑ ደለዩ። ነቲ ሕፃን ክበጽሑ ምምጻኦምን ከምኡ'ውን፡ ወርቂ፡ ዕጣን፡ ከርቢ ብምሃቦብዎ'ውን ሕያዎት ነበሩ።

እንተ ኾነ ግና፡ ኣብ'ዚ ሕደ ኵነት'ዚ፡ ኵነት ግብረ-ሠናይ ወዲ ሰብ ሰብአ ቤቴልሔምን መብልዒ ማልን ንዝክር። ነታ ድኻ ጐርዞ፡ ኣደና ቅድስቲ ድንግል ማርያምን ቅዱስ ዮሴፍን ዓደሙዎም። ነፍሰ-ጾር እያ ነይራ። ከምኡ'ውን ክትሓርስ ደገፍ እትደሊ ነበረት። ኣብቲ ዓባይ ከተማ ኢየሩሳሌም፡ ቦታ ዝብሃል ኣይነበረን። ኣብ'ታ ንኡሽተይ ገጠር'ውን፡ ብዘይካ መብልዕ ማል ካልእ ቦታ ኣይነበረን። ኵሎም እዞም ሕዝቢ እዚኣቶም፡ ጽቡቕ ገበሩ። እቲ ካልኣይ ህያብ፡ ከመይ ጌርካ ወትሩ ጽቡቕ ነገር ትገብር ዝብል እዩ። እቲ ካልእ ህያብ፡ ግብረ-ሠናያት ንክኾኑ እዩ። ንኣምላኽና፡ ገባሪ-ሠናይ ቢልና ንጽውዖ።

እቲ ሣልሳይ ህያብ፡ ጽባቐ ንምጥዓም እዩ። ምውላድ ኢየሱስ ኣዝዩ ግሩም ትርኢት እዩ።  እቲ ግሩም ነገር፡ ዝማሬ መልእኽቲ ነበረ። ኣብ ሰማያት ተራእዩን ብሓጐስ ከኣ ዘመሩን።  ስብሐት ለእግዚአብሔር በሰማያት ወሰላም በምድር ለእጓለ እመሕያው ሥምረቱ፤ ክብሪ ንኣምላኽ ኣብ ኣርያም፡ ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ ኣብ መንጎ እቶም እግዚአብሔር ዝሕጐሰሎም ሰብ" (ሉቃ.2፡ 14) ። መዝሙርን ዘሕጉስ ኣስተርእዮን እዩ ዝነበረ። መግለጺ ጽማቐ እዩ ዝነበረ። ጽባቐ ኃያል ክብሪ፡ በቶም ምስ ኣምላኽ ዝነብሩ ሰባት እትመኰረ እዩ። ኣብ ልደቱ፡ ኣምላኽ ጽባቐ መሃረና። ጽባቐ ከነስተማቕርን ንሕሉ ግሩም ነገር ከነድንቕን መሃረና። ተፈጥሮ ጽቡቕ እዩ። እንበልያም ፍርያት ምድሪ'ውን ጽቡቓት እዮም። መዓልታዊ ኣብ ሰማይ፡ ብመዓልትን ብለይትን እንርእዮ'ውን ጽቡቕ'ዩ። ኣብ ወቕትታት-ዓመት፡ ካብ ሓጋይ ክሳዕ ጽድያ፡ ካብ ክረምቲ ክሳዕ ቀውዒ፡ ኵሎም ጽቡቓት መዓልትታት፡ ኣብኦም ንነብር። ኵሎም ዕለታት ሕይወት ወዲ ሰብ ብሓፈሻ ግሩማትን ውህብቶ ኣምላኽን እዮም።

እዚኣቶም'ዮም እቶም ሠለስተ ህያባት። ብፍቕሪ ንበር፡ ሠናይ ግበር፡ ጽባቐ'ውን ኣስተማቕር። እዞም ሠለስተ ህያባት እዚኣቶም፡ ኣብ ታሪኽ ልደት ይረኣዩ። ልደት ሓዲስ መጀመሪ እዩ። ልደት ሓዲስ ፍሥሓ እዩ። ልደት ሓደ ንሓዲስ ዓመት ንኣማልኽ ብምውዳስ ክጅምሮ ከም ዘሎዎ መልእኽቲ እዩ።

ንዅላትኩም ኣብዘን መዓልታት ደስታ፡ እንቋዕ ደስ በለኩም እብል። ናብ'ዚ ብክቡር ልደት እንቋዕ ኣብጽሓኩም እብል። ብንኹሎም እነፍቅሮም ኣብ ኵሉ ዓለም ዘለዉ፡ ፍቕርን ሰላምታን እልእኽ። ነዚ መልእኽቲ እዚ፡ ካብ ምድረ-ግብጺን ቅብጣዊት ቤተ ክርስቲያንን እሰድድ። ካብ ኵሎም ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ ፍቕሪ እትልእኽ ኣደና ቤተ ክርስቲያን እያ። ከምኡ'ውን፡ ካብ ኵሎም ኣብ ግብጺ ዘለዉ ኣቦታት ቅብጣዊት ቤተ ክርስቲያንን። ካብቲ ገዲም ታሪኽና፡ ናብ ኵለን ኣብ ኵሉ ከባቢታት ዓለም ዘለዋ ኣብያተ ክርስቲያንና እልእኽ።  ኣምላኽ ምሳኹም ይኹን! ርሑስ ጐርጎርዮሳዊ ሓዲሽ ዓመትን፡ ዘደስት ልደትን ይግበረልኩም።